ኣብ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ከምኡውን ኣብ ፍሉይ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ዝመሃር ቆልዓ ንዘሎኩም ወለዲ

TIGRINYA

# ናይ ምስክር ትምህርቲ ግዜ!



Skolverket

## ሕጂ ካብ 6ይ ክፍሊ ጂሚሩ፣ ምስክር ትምህርቲ ክወሃብ እዩ።ምስክር ትምህርቲ ምሃብ ምጅማር ማለት፣ እቲ ውላድካ ከመይ ይኸይድ ምህላው፣ ዘርእየካ ሓደ ኣገባብ እዩ። ካብዚ ጽሑፍ እዚ፣ ብዛዕባ ምስክር ትምህርቲ ብዙሕ ክትፈልጥ ኢኻ።

ካብዚ ናይ 2012 ናይ ቀውዒ ክፍሊ-ዓመት (höstterminen) ጀሚሩ፣ ካብ 6ይ ክፍሊ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ጀሚሩ፣ ምስክር ትምህርቲ ምሃብ ክቕጽል እዩ። እዚ ናይ ክፍሊ-ዓመት ምስክር ትምህርቲ እዚ፣ ክሳዕ እቲ ምስክር ዝተዋህበሉ ግዜ፣ ውላድካ ኣበይ ደረጃ ፍልጠት ከም ዝበጽሐ፣ ገምጋም ዚህብ እዩ።

ኣብቲ ናይ ቋንቋ ምርጫ ግን (ንኣብነት ኣብ ቋንቋ ፈረንሳ፣ ጀርመን፡ ስጳኛ)፣ ውላድካ ምስክር ትምህርቲ ዚወሃቦ፣ ካብ 7ይ ክፍሊ ጀሚሩ እዩ።

እዚ ኣብ መባእታዊ ትምህርቲ፣ በብክፍሊ-ዓመቱ ዚወሃብ ምስክር ወረቐት፣ ካብ 6ይ ክሳብ 9ይ ክፍሊ እዩ። እታ ውላድካ ኣብ ናይ 9ይ ክፍሊ ናይ ጽድያ ክፍሊ-ዓመት (vårterminen) ዚወሃባ ምስክር ትምህርቲ፣ እታ ደምዳሚት ምስክር ወረቐት እያ። በዛ ምስክር ወረቐት እዚኣ ጌርካ ድማ እዩ፣ ናብ ናይ ጂምናስዩም ትምህርቲ ንምቕጻል ዚሕተት።



# ንጹር ሓበሬታ ነቲ ከጋጥም ዚኽእል ናይ ዘይምርድዳእ ሓደጋ ይንክዮ

ኩሎም ተመሃሮ፣ ሓደ ፍሉይ ዓይነት ትምህርቲ ክጅመር ከሎ፣ ብዛዕባ እቲ ክውቃዕ ዘለዎ ሸቶን፣ ክብጻሕ ዘለዎ ደረጃ ፍልጠትን፣ ብተደጋጋሚ ሓበሬታ ይወሃቦም እዩ። እቲ መምህር ድማ ውላድካ ከመይ ይኸይድ ከም ዘሎን፣ እንታይ ተሞርኵሱ ነቲ ምስክር ትምህርቲ ከም ዘውጽኦን፣ ክሕብረኩም መዝነቱ እዩ።

ምስክር ትምህርቲ ማለት፣ ብመሰረት እቲ ዘሎ ናይ ፍልጠት ምቕሳም ጠለብ፣ እቲ ውላድካ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ፍልጠት ዘርእየካ መሳርሒ እዩ። ብኻልእ መገዲ ውን፣ ውላድካ ነቲ ሓሊፉ ዚብል ደረጃ ፍልጠት ንኽበጽሕ (godkänd)፣ ሓገዝ ዘድልዮ ከይከውን፣ ምልክት ዚህበካ እዩ። እቲ በብግዚኡ ዚግበር ናይ ምዕባለ ዝርርብን፣ እቲ ዚዳሎ ውልቃዊ ናይ ምዕባለ መደብን ውን እንተኾነ፣ ውላድካ ኣብቲ ቤትትምህርቲ ከመይ ይኸይድ ከም ዘሎ፣ ሓበሬታ ይህበካ እዩ።

ንስኻ ከም ወላዲን እቲ ውላድካን ውን፣ እቲ መምህር እንታይ ገምጊሙ ንውላድካ እቲ ምስክር ትምህርቲ ከም ዝሃቦ፣ ክትሓትትን ሓበሬታ ክትረክብን መሰል ኣሎካ።



# ደረጃታት ምስክር ትምህርቲ

ኣብ መባእታዊ ቤትትምህርቲ እቲ ምስክር ትምህርቲ 6 ደረጃታት ዘለዎ እዩ። A, B, C, D, E, F ድማ ይበሃል። A እቲ ዝለዓለ ደረጃ ክኸውን ከሎ፣ E ድማ እቲ ዘተሓተ ደረጃ እዩ። F ድማ ተሪፍካ ማለት እዩ። ምስክር ትምህርቲ ብመሰረት ኩሉ እቲ ደረጃታት ክወሃብ ኣለዎ። እዚ ማለት ድማ፣ ውላድካ ካብ 6ይ ክፍሊ ጃሚሩ ውን፣ እቲ ዝለዓለ ናይ A ነጥቢ ከመዝግብ ይኽእል እዩ።

ብምኽያት ናይ ውላድካ ናይ ነዊሕ ግዜ ምብኳር፣ ምስክር ትምህርቲ ምሃብ ዘይክኣል እንተኾነ ግን፣ ጋድም-ሕንጻጽ ጥራይ ተጌሩሉ ይሕለፍ።

# ብኹራት

ከም ወላዲ መጠን፣ ውላድካ ትምህርቱ ክከታተል ከም ዘሎዎ እትገብር፣ እቲ ዝለዓለ ሓላፍነት ዘሎካ ንስኻ ኢኻ። ውላድካ ብዘይ ናይ መምህሩ ወይ ናይ ርእሰ-መሃራን ፍቓድ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ ዚበኵር፣ ዘይቅቡል ብኹራት ይበሃል። ውላድካ ብዘይ ቅቡል ብኹራት፣ ቤትትምህርቲ ካብ ምምጻእ ምስ ዝተርፍ፣ በቲ ሽዑ መዓልቲ ክትፈልጥ መሰል ኣሎካ። እቲ ዘይቅቡል ብኹራታት፣ ኣብቲ ወረቐት ምስክር ትምህርቲ ይምዝገብ እዩ።





## ብሄራዊ ፈተና

ውላድካ ድሮ ኣብ 3ይ ክፍሊ ከሎ፣ ብሄራዊ ፈተና ጌሩ እዩ። ኣብ 6ይ ክፍሊ ድማ፣ ብሄራዊ ፈተና ናይ እንግሊዝ፣ ሽወደን ወይውን ሽወደን ከም ካልኣይ ቋንቋ፣ ስነ-ማሕበራዊ ትምህርቲን (SO-ämne) ስነ-ፍጥረታዊ ትምህርቲን (NO-ämne) ክገብር እዩ። ኣብዚ ስነ-ማሕበራዊ ትምህርቲ (SO-ämne) ጂኦግራፍ፣ ታሪኽ፣ ትምህርቲ-ሃይማኖታትን፣ ማሕበራዊ-ስነፍልጠትን ዘጠቓለል ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ስነ-ፍጥረታዊ ትምህርቲ (NO-ämne) ድማ፣ ባዮሊጂ፣ ፊዚክስ ከምኡ ውን ኬሚስትሪ ዘካተት እዩ። እዚ ብሄራዊ ፈተና እዚ፣ ነቲ ናይ ውላድካ መምህር፣ ደረጃ ፍልጠት ንምግምጋምን፣ ምስክር ትምህርቲታት ንምውጻእን ዚሕግዞ ኣገባብ እዩ።

## ምስክር ትምህርቲ ኣብ ፍሉይ መባእታዊ ቤትትምህርቲ

ኣብቲ ፍሉይ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ምስክር ትምህርቲ ዚወሃብ፣ ንስኻ ከም ወላዲ ወይ እቲ ተመሃራይ ባዕሉ ምስ ዚሓትት ጥራይ እዩ። እዚ ኣብቲ መላመዲ ቤትትምህረቲ ኣየገልግልን እዩ፣ ኣብኡ ምስክር ትምህርቲ ስለ ዘይወሃብ። እቲ ደረጃታት ምስክር ትምህርቲ 5 ደረጃታት፣ A, B, C, D, ከምኡ ውን E ዘሎዎ እዩ። እቲ ተመሃራይ ኣብ E ደረጃ እንተ ዘይበጺሑ፣ ምስክር ትምህርቲ ኣይግበረሉን። ኣብ ፍሉይ መባእታዊ ቤትትምህርቲ፣ ጋድም-ሕንጻጽ ምልክት ኣይጥቀምን እዩ። ይኹን እምበር እቲ ዘይቅቡል ምኾራታት ግን ኣብቲ ናይ ክፍለ-ዓመታዊ ምስክር ትምህርቲ ይምዝገብ እዩ። ኣብ ፍሉይ መባእታዊ ቤትትምህርቲ፣ ብሄራዊ ፈተናታት ኣይወሃብን እዩ።

## Vill du veta mer om betyg?

Läs mer på www.skolverket.se/betyg

ISBN: 978-91-xxxxx-xx-x
Grafisk form: AB Typoform
Illustrationer: Karl Lindahl
Skolverket 2012

Skolverket